# ብዛዕባ ኣጸደ ህጻናት ኣብ Uppsala (ኡፕሳላ)

ኣጸደ ህጻናት ናይ መጀመርታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሽወደን እዩ። ኣጸደ ህጻናት ወለንታውን ዘርከብን ኮይኑ ካብ 1 ክሳብ 5 ዝዕድሚኦም ቈልዑ ድማ ኪረኽብዎ ይኽእሉ እዮም። ውሉድካ ኣብ ኣጸደ ህጻናት ምእታዉ ንውሉድካ ግዴታዊ ትምህርቲ ንኺመሃሩ ዜዳልዎ ብሉጽ መገዲ እዩ። ኣጸደ ህጻናት ንውሉድካ ቛንቋኡ ኺማዕብል ይሕግዞ እዩ። መብዛሕትኦም ኣብ ሽወደን ዝርከቡ ቈልዑ ኣብ ኣጸደ - ትምህርቲ ኢዮም ዝማሃሩ።

## ኣጸደ ህጻናት በዚ ኽምዚ እዩ ዚዓዩ

- እቲ ኣጸደ ህጻናት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ መዓልቲ ኽፉት እዩ።
- ውሉድካ ኣብ ኣጸደ ህጻናት ቍርሲ፣ ምሳሕ ከምኡ'ውን ጠዓሞት ይምገብ።
- ድሕሪ ምሳሕ፣ ውሉድካ ኣድላዪ እንተ ዀይኑ ኺዕርፍ ወይ ኪድቅስ ይኽእል እዩ።
- እቲ ቈልዓ ኣብ ኣጸደ ህጻናት ኣብ ውሽጥን ወጻእን ኢዩ ዘሎ። ስለዚ እቲ ቈልዓ ነቲ ኣብ መዓልትን ወቕትን ዚህሉ ዅነታት ኣየር ዚበቅዕ ክዳውንቲ የድልዮ፣ ንኣብነት ዝናብ ኪዘንብ ከሎ ዚኸደን ክዳንን ኣብ ቁራሪ ወርሓት ዚኸደን ምዉቕ ክዳውንትን የድልዮ።
- ውሉድካ ምስ ካልኦት ቈልዑ ሓቢሩ ኺዝምር፣ ኪቕብእ፣ ኪስዕስዕ፣ ኪጽሕፍ፣ ከምኡ'ውን ኪዛረብ ይኽእል እዩ (ቋንቋ ኣዲኡን ቋንቋ ሽወደንን)።
- ናይ ኣጸደ - ትምህርቲ መምህራንን ናይ ቈልዑ ኣለይቲ ሕሙማትን ኣብ ኣጸደ - ትምህርቲ ኢዮም ዝሰርሑ።

## ውሉድካ መዓስ እዩ ኣጸደ ህጻናት ኪመሃር ዚኽእል?

ውሉድካ ኻብ 1 ዓመት ኣትሒዙ ኣብ ኣጸደ ህጻናት ኪመሃር ይኽእል እዩ፣ ንስኻ እውን ትሰርሕ፣ ስራሕ ትደሊ፣ ተጽንዕ ወይ ናይ ወለዲ ዕረፍቲ ትደሊ እንተ ኣሊኻ ኣብ ኡፕሳላ ድማ ትነብር እንተ ኣሊኻ። እቲ ቈልዓ ኣብ ኣጸደ ህጻናት ዘለዎ ቦታ ገንዘብ ዝሓትት ኢዩ። ናብ ምምሕዳር ከተማ ምኻድን ናይ ብሕቲ ኣጸደ ህጻናት ምኻድን ዝሓትት ኢዩ። ውሉድካ ኣብ ኣጸደ ህጻናት ንምውላድ እትኽፍሎ ዋጋ ኣብቲ ስድራ ቤትካ እትረኽቦ ኣታዊ እተመርኰሰ እዩ።

#### ኩሎም ደቂ 3 ዓመት ዝዀኑ ቈልዑ ናይ ኣጸደ ህጻናት ትምህርቲ መሰል ኣለዎም

እቲ ቈልዓ ወዲ 3 ዓመት ምስ ኰነ ናብ ኣጸደ ህጻናት ናይ ምኻድ መሰል ኣለዎ። ከም ወላዲ መጠን ስራሕ ዘይትደሊ እንተ ኮይንካ ስራሕ እንተ ዘይደሊኻ መጽናዕቲ እንተ ዘይጌርካ ወይ ናይ ወለዲ ዕረፍቲ እንተ ዘይረኺብካ እውን እዚ ኺውዕል ይኽእል እዩ። ህዝባዊ ኣጸደ ህጻናት ኪበሃል ከሎ እቲ ቈልዓ ኣብ ሰሙን 15 ሰዓት ኣጸደ ህጻናት ይመሃር ኣጸደ ህጻናት ከኣ ብናጻ ይመሃር ማለት እዩ።

**ብዛዕባ ኽፉት ኣጸደ ህጻናት**

ኣብ ኡፕሳላ ሓያሎ ናይ ኣጸደ ህጻናት ኣብያተ - ትምህርቲ ኣለዋ። ውሉድካ ኣጸደ ህጻናት ቅድሚ ምጅማሩ ንስኻን ውሉድካን ብሓባር ኮይንኩም ናብ ኣጸደ ህጻናት ክትመጹ ትኽእሉ ኢኹም። ክፉት ኣጸደ ህጻናት ንቶም ደቂ 0-5 ዓመት ዝኾኑ ውሉዳት ዘለዉዎም ወለዲ መአከቢ ቦታ እዩ። ኣብኡ ኸኣ ውሉዳት ኪጻወቱ ይኽእሉ እዮም ንስኻ ድማ ከም ወላዲ መጠን ምስ ካልኦት ወለዲ ኽትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ክፉት ኣጸደ ህጻናት ብናጻ ስለ ዝኾነ ክትምዝገብ ኣየድልየካን እዩ። ኣብ uppsala.se ኣብ ኣጸደ ህጻናት ክፉት ዝኾነ ቓላት ብምድላይ ዝያዳ ሓበሬታ ኽትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

## ውሉድካ ኣጸደ ህጻናት ኪጅምር እንተ ደሊኻ ከምዚ ኽትገብር ኣሎካ

- ናይ ምምሕዳር ከተማ ኣጸደ - ህጻናት ኰነ ናጻ (ናይ ብሕቲ) ኣጸደ - ትምህርቲ ኽመርጽ ይኽእል ኢዩ ነቲ እትደልዮ ኣጸደ - ትምህርቲ ድማ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ከም ወላዲ መጠን ebarnungdom (ኢባርኑንግዶም) ኣብ ዚብሃል ኣገልግሎት ቦታ ትደሊ ኣለኻ። ነታ ኣብ uppsala.se ebarnungdom (ኢባርኑንግዶም) እትብል ቃል ብምድላይ ክትረኽባ ትኽእል ኢኻ።
- ውሉድካ ኺጅመር ቅድሚ ምድላይካ እንተ ወሓደ ሰለስተ ወርሒ ኣቐዲሙ ናብ ኣጸደ ህጻናት ኣመልኪትካ ኽትሓትት ኣለካ። ብዘይካዚ ውሉድካ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኺጅምር እንተ ደሊኻ ኣርባዕተ ወርሒ ኣቐዲምካ ኣመልኪትካ ኽትሓትት ኣለካ።
- ሃገራዊ ቕጽሪ ምዝገባ እንተ ዘይብልካ ወይ ነቲ ናይ ኢ-መይል ኣገልግሎት ክትጥቀመሉ እንተ ዘይደሊኻ ፎርም ወረቐት ብምምላእ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።

## ኣብ ኣጸደ ህጻናት ሓገዝ ዜድልየካ እንተ ኾይኑ ነዚ ዚስዕብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ፦

- ክትምዝገብ እንተ ደሊኻ ናብቲ ኣብ ስታድሹስጋታን"Stadshusgatan" 2 ዚርከብ ኣዳራሽ ከተማ ንዚመጹ ሓደስቲ ሰባት ኣብ መቐበሊ ቦታ ብጻሕ። እቶም ኣብኡ ዚሰርሑ ኣብ ፎርም ኣጸደ ህጻናት ንኽትምዝገብን ንኽትሓትትን ኪሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። ተርጓሚ ዜድልየካ እንተ ኾይኑ ኬዳልዉኻ ይኽእሉ እዮም። ሰኑይን ረቡዕን ካብ 9:00 ክሳብ 11:30 ሓሙስ ከኣ ካብ 13:00 ክሳብ 16:00 ክፉት እዩ።
- ኣጸደ ህጻናት ንምርካብ ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ሓገዝ እንተ ደሊኻ እሞ ናይ ሽወደን ሃገራዊ ምዝገባ ቝጽሪ ሞባይል ባንክኣይዲ ወይ ናይ ኢ-መይል ኣገልግሎት ኢ-መይል ምምሕዳር ከተማ ኡፕሳላ "Uppsala" ኣገልግሎት ኢባርኑንግዶም "eBarnUngdom"  እንተ ኣልዩካ ናብ ማእከል ኣድራሻ ኽትከይድ ትኽእል ኢኻ። ኣጸደ ህጻናት ንኽትረክብ ኬመልክቱኻ ኺሕግዙኻ እዮም። ኣብ ስታድሹስጋታን "Stadshusgatan"2 ኣብ ዚርከብ ኣዳራሽ ከተማ እዩ ዚርከብ። ኣብ ሰሰሙን ካብ 08:00-17:00 ሓሙስ ከኣ 08:00-18:00 ክፉት ኢዩ።
- ምምሕዳር ከተማ 0771-727 001 ጸውዕ። ብተሌፎንካ ምርጫ ኽትገብር ትኽእል ኢኻ፣ ድሕሪኡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ኣጸደ ህጻናት ዘሎ ኣወዓዕላኡን ቦታኡን ሕቶታት እትሓትት 1 ምረጽ። ሰዓታት ተሌፎን ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ 09:30-11:30 እዩ።
- ኣብ 0771-727 001 ንዝመጹ ሓደስቲ ሰባት ናብቲ መቐበሊ ቦታ ጸውዕ። ብተሌፎንካ ኽትመርጽ ኣለካ ድሕሪኡ 6 ምረጽ። ሰዓታት ተሌፎን ሰኑይ ክሳብ ረቡዕ 09:30-11:30 እዩ።